# ጋዜጠኛ ዳዊት ኢሳቕ ንምፍታሕ ኣብ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሽወደን ሰሙናዊ ተቓውሞ ይግበር ኣሎ

**ኣፍሮ ኒውስ፣ 6 ጥሪ 2005**

ናይ ሽወደን ዜግነት ዘለዎ ኤርትራዊ ጋዜጠኛ ዳዊት ኢሳቕ ንምፍታሕ ዝምሕጸን ናይ ተቓውሞን ጥርዓንን ደብዳበ ሰሙናዊ ኣብ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሽወደን በተን ቀንዲ ናይ ፕረስ ማሕበራት ከምዝቐርብ ተፈሊጡ ኣሎ። እዚ ሰሙናዊ ዝግበር ተቓዉሞ፣ ካብቲ ኤምባሲ ብሓይሊ ተደፊኡ ይወጽእ። ዳዊት ኢሳቕ፣ ካብ መስከረም 2001 ኣትሒዙ ብዘይ ፍርዲ ኣብ ሕቡእ ቤት ማእሰርቲ ተኣሲሩ ኢ.ሎ።

ኣብ ነፍስወከፍ ሰሙን በተን ብሓዲኣን ካብተን ቀንዲ ናይ ፕረስ ማሕበራት፣ ማለት ግዜጠኛታት ብዘይ ዶብ፣ ናሽናል ፕረስ ክለብ፣ ማሕበር ምዝርጋሕ መጽሔት፣ ማሕበር ምዝርጋሕ ጋዜጣታት፣ ማሕበር ጋዜጠኛታት ሽወደንን ሽማግለ ደገፍ ዳዊትን ናብ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሽወደን ጥርዓን የቕርባ። “ብዛዕባ ዳዊትን መሳርሕቱን ዘለና ስግኣት ዝገልጽን ንዳዊትን መሳርሕቱን ብቕልጡፍ ንኽፍትሑ ዝጠልብን ናይ ጥርዓን ደብዳበ ናብ ኤርትራ ኤምባሲ ኣብ ስቶክሆልም ነቕርብ” ክብል ኣባል ማሕበር ጋዜጠኛታት ሽወደን ዝኾነ ሚስተር ኮርነ ኮኒግ ይገልጽ።

ናይ ሽወደን ዚግነት ዘለዎ ኤርትራዊ ጋዜጠኛ ዳዊት ኢሳቕ፣ ንምፍትሑ ዝካየድ ጐስጓስ ንኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሽወደን ኣቐጢዕዎ ከምዘሎ ብቕሉዕ ይረኣ ኣሎ። ንኣብነት ብ14 ታሕሳስ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሽወደን፣ ዝኾነ ደብዳበ ከምዘይቅበል ንኣባል ማሕበር ጋዜጠኛታት ሽወደን ዝኾነት ሱዛነ ዮርከንሃይም ገሊጹላ። በዚ ምኽንያት፣ ነቲ ናይ ጥርዓን ደብዳበ ብፖስታ ክትልእኮ ከምእተገደደት ሱዛነ ትገልጽ።

ቅድሚ ሓደ ሰሙን፣ ወኪል ምትሕግጋዝ ጋዜጣታት ናይ ጥርዓን ደብዳበ ከቕርብ ናብቲ ኤምባሲ ምስኣተወ፣ ብሓይሊ ተደፊኡ ከምዝወ'ጸ ተፈሊጡ ኣሎ። 4 ሕዳር ወኪል ጋዜጠኛታት ማዕጾ ኤምባሲ ንኻልእ ሰብ ምስ ተራሕወ ሞሊቑ ብምእታው፣ ነቲ ናይ ጥርዓን ደብዳበ ኣብ ጣውላ መቐበሊ ኣጋይሽ ኣምቢርዎ ከምዝኸደ ሐቢሩ።

እዚ ናይ ጭርጭር ዓበደ ዝመስል ጸወታ፣ ንኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስቶክሆልም ከነድሮ ከምዝጀመረ ርዱእ ኰይኑ ኣሎ። “ኣዝዮም ተረቢሾምን ተቐጢዖምን ኣለዉ!” ክብል ሚስተር ኮኒግ ገሊጹ። ማሕበር ጋዜጠኛታት ሽወደን ቐጻሊ ጸቕጢ ብምክያድ ኣብ መወዳእታ ኣብ ስቶክሆልም ወይ ኣስመራ ፍታሕ ክምጽእ ከምዝኽእል ይኣምን።

መንግስቲ ኤርትራ ናይ ብሕቲ ጋዜጣታት ብሃንደበት ንኹለን ድሕሪ ምዕጻዉ፣ ካብ መስከረም 2001 ኣትሒዙ ኣባል ጋዜጣ ሰቲት ዝነበረ ዳዊት ኢሳቕ ምስ ካልኦት 17 ጋዜጠኛታት ኣሲሩ። እዞም ጋዜጠኛታት ክሲ ከይቐረበሎም ኣብ ዘይተፈልጠ ቦታ ተኣሲሮም ኣለዉ። ድሕሪ ክልተ ዓመትን መንፈቕን'ዉን ገና ኣብ ፍርዲ ንምቕራቦም እተወሰደ ተበግሶ የለን።

ጉዳይ ዳዊት ካብ ካልኦት ፍሉይ ዝገብሮ ናይ ሽወደን ዜግነት ስለ ዘለዎ እዩ። ስለዝኾነ፣ ዳዊት ካብ ሰበስልጣን ሽወደን ናይ ደገፍ ጸግዒ ክረክብ መሰል ኣለዎ። ይኹን ደኣምበር፣ መንግስቲ ሽወደን ንዳዊት ንምፍታሕ ዝከኣሎ ብዘይ ምግባሩ ይንቀፍ ኣሎ። ብርግጽ፣ ሰበ ስልጣን ሽወደን ህላወን መጻኢ ዕድልን ናይዚ ሽወደናዊ ኤርትራዊ ጋዜጠኛ ንምፍላጥ ኣይጸዓሩን።

ሚስተር ኮኒግ፣ ምስ ኣፍሪካን ፕረስ ኔትዎርክ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መጠይቕ፣ ህላወ ዳዊት ኢሳቕ ንመጀመርያ ግዜ ዝሰምዑ ኣብ 2002 ዳዊት ብዝወረዶ ኣካላዊ ምስቓይ ንሆስፒታል ከም እተወሰደ ዝገልጽ ጸብጻብ ሲ.ፒ.ጀይ ድሕሪ ምውጽኡ ምኻኑ ኣብሪሁ ።

ኣቶ ኣርኣያ ደስታ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሽወደን፣ ምስ ናይ ሽወደን ናይ ዜና ማዕከን ኣብ ዝገበሮ ቃለ መጠይቕ፣ ዳዊት ኢ.ሳቕ ደሓን ከምዘሎ ገሊጹ። ሚስተር ኮኒግ ብወገኑ “ብዛዕባ'ዚ ንፈልጦ ነገር የለን። ዳዊት ካብ 2002 ኣትሒዙ ኣበይ ከምዘሎ ክንፈልጥ ኣይከኣልናን። ሰበስልጣን መንግስቲ ኣበይ ከምዘሎ ክሕብሩ ፍቓደኛታት ኣይኮኑን” ክብል ከሲሱ።

ካብዘን 6 ናይ ፕረስ ማሕበራት ዝመጽእ ዘሎ ቀጻሊ ጸቕጥን፤ ከምኡዉን፡ ከም ዳገንስ ንሄተር ዝኣመሰላ ህቡባት ናይ ሽወደን ዜና ማዕከናት ብዛዕባ ዳዊት ስሩዕ መደባት የቐርባ ብምህላውን፡ ሰበ ስልጣን ሽወደን ንጹር መርገጺ ክወስዱ ጀሚሮም ኣለዉ። ብደረጃ ሚኒስተራት ብቐጥታ ምስ ሰበስልጣን መንግስቲ ኤርትራ ዝርርብ ክጅመር እተገብረ ፈተነ፡ መንግስቲ ሽወደን ስለ ዝዓገቶ ኣይተዓወተን። ይኹን ደኣምበር፡ ነዚ ብዝምልከት ናይ ተቓውሞ መግለጺ ተላኢኹ ኣሎ።

ብሰንኪ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ናይ ሽወደናውያን ናይ ተቓውሞ ጸቕጢ ፡ኣብ ቀረባ እዋን ካብ ሰበስልጣን መንግስቲ ኤርትራ ወግዓዊ ዝኾነ መልሲ ከምእተረኽበ ተፈሊጡ ኣሎ። “ዝኾነ ናይ ሽወደን ዜጋ ኣብ ኤርትራ ከምዘይተኣሰረን ንዳዊት ኢሳቕ ዝምልከት እንተደኣ ኰይኑ ድማ ተጋጊኹም ኣለኹም ። ዳዊት ኣብ ኤርትራ እተወልደ፡ ዝዓበየን እተማህረን ኤርትራዊ እዩ” ክብል ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሽወደን ናብ ሚስተር ኮኒግ ኣብ ዝጸሓፎ ደብዳበ ገሊጹ። እቲ ደብዳበ “ዳዊትን ተሓባባብርቱን እተቐየዱ፡ ኣብ ግዜ ኲናት ኣብ ልዕ ሊ ጸጥታ ሃገር ገበን ብምፍጻሞም እዩ። ብሽወደናውያን ናይ ፕረስ ማሕበራት ዝቐረበ ብዘይ ክሲ ወይ ፍርዲ ተቐይዶም ዝብል ጥርዓን ዘይቅንዑን ጌጋ ሓበሬታን እዩ” ክብል እቲ ደብዳበ ይገልጽ።

ሚስተር ኮኒግ ይኹን ካልኦት ኣባላት ማሕበር ፕረስ፡ ምስ ሰበስልጣን መንግስቲ ኤርትራ ተጀሚሩ ዘሎ ርክብ ብኣወንታ ብምጥማት፡ ርክብ ክግበር ነቲ ኤምባሲ ጽሒፎሙሉ ኣለዉ። ናብቲ ኤምባሲ ኣብ እተጻሕፈ ደብዳበ “ዳዊት ኢሳቕ ኣበይ ተወሊዱ፡ ዓብዩን ተማሂሩን ብዘየገድስ ናይ ሽወደን ዜጋ ብምዃኑ፡ ልክዕ ከም ካልኦት ሽወደናዉያን ንሂወቱን ድሕነቱን ተጣባቒ ክረክብ መሰል ኣለዎ” ይብል። ዳዊት ተኸሲሱን ተፈሪዱን እንተደኣ ኰይኑ፡ ብዛዕባ ዝቐረበሉ ክሲ ዝርዝር ሓበሬታ፡ መዓስን ኣበይን ኣብ ፍርዲ ከምዝቐረበ፡ እተዋህቦ ፍርድን ኣበይ ከምዘሎን ብንጹር መልሲ ክዋሃቦም ኣብ ዝጸሓፍዎ ደብዳበ ዘርዚሮም። ማሕበር ጋዜጠኛታት ሽወደን ካብ ኤምባሲ ኤርትራ መልሲ እናተጸበየ ከምቲ ልሙድ ብቐጻሊ ሰሙናዊ ተቓውምኡ ይቕጽሎ ኣሎ።